Tigrignia

ስራሕ ዘይተቐጸርካ ዲኻ

ብዙሕ ኽእለትን ሓይልን
ዘሎካ ሰብ ዲኻ?

ናይ ባዕልኻ ንግዲ
ክትጅምር ትደሊ ዶ?

# ንምጅማር ምድላው

ደገፍ ንናይ ግሊ ንግዲ ዝውንኑ ሰደተኛታት
ንሰደተኛታት ዝኸውን ናይ ምጅማር መምርሒ

RIB
REFUGEES INTO BUSINESS

Refugees into Business

© The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

**This booklet is for guidance only.**

This project is funded by the Phoenix Fund and the Small Business Service of the Department of Trade and Industry.

This booklet is also available in the following languages: Amharic, Arabic, Dari, Farsi, French, Pushto, Kurdish Sorani, Portuguese, Somali, Swahili, Tigrignia and Turkish.

Refugees into Business is a project managed by Refugee Enterprise Partnership, lead by the Refugee Council.

The Refugee Enterprise Partnership consists of the British Refugee Council, Refugee Action (RA), Refugee Women's Association, Social Enterprise London, the Prince's Trust, Community Action Network, and Education Action International.

With thanks to the Language and Literacy Unit+ (LLU+), London Southbank University, who has helped ensure the text is accessible to people who are at least at entry level 3 in their reading of English.

www.refugeesintobusiness.org.uk/translated_ten_steps

© The Prince's Trust and the Refugee Council 2006

Supported
PHOENIX FUND

## ትሕዝቶ

# ንምጅማር ምድላው

እዞም ዝስዕቡ ንግዲ ንኽትጅምር ዝሕግዙኻ ዓሰርተ ደረጃታት እዮም።


1. ርእሰ ተኣማንነት ምህላው 3
2. ንግዲ ንኽትጅምር ሕጊ የፍቅደልካ ምዃኑ ኣረጋግጽ 5
3. ሲቪኻ (CV) ኣዳሉ 8
4. ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋኻ ንምምሕያሽ ሓገዝ ኣናዲ 11
5. ብዛዕባ ንግዲ ስልጠና ውሰድ 14
6. ኣብ ከባቢኻ ወይ ማሕበረሰብካ ዘሎ ናይ ንግዲ ዕዮ ብፍቓድካ ብናጻ ኣገልግል 16
7. ቆልው ዝሕዙልካ ኣዳሉ 18
8. ዘሎካ ገንዘብ ወድብ 20
9. ካብ በዓል ሞያ ናይ ምጅማር ደገፍ ኣናዲ 23
10. ካልኦት ናይ ሓገዝ ምንጭታት 26

© The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

# ደረጃ 1፡ ርእስ ተኣማንነት ይሃሉኻ

ስደተኛታት ሰባት ናይ ዓዲ እንግሊዝ ቅድሚ ኣማኢታት ዓመታት ጀሚሮም ብምምጻእ ኣብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ቁጠባ ዕቤት ኣምጺኦም እዮም። ኣብዚ እዋን ድማ ሓደሓደ በዞም ስደተኛታት ዝተተኽሉ ንግድታትን መደባትን ድማ ብጣዕሚ ዕውት ኣብ ርእሲ ሙኻኖም ኣብ መዓልታዊ ሃገራዊ ናብራ ክፋል ኮይኖም ኣለዉ።

**ንኣብነት፥ ነዞም ዝስዕቡ ሓቅታት ትፈልጥዎም ዶ ...?**

- እዚ «ፊሽ ኣንድ ችፐስ» (‘fish and chips’) (ዓሳን ቅልዋ ድንሽን) ዝብል ልምዲ ብስደተኛታት እዩ ተጀሚሩ። ጆሰፍ ማሊን ዝተባህለ ካብ ኤውሮጳ ዝመጸ ሰብ ብ1860 ኣብ ምብራቓዊ ጨፍ ናይ ለንደን እቲ ናይ መጀመርያ ፊሽ ኤንድ ችፐስ ዝብል ድኳን ከፊቱ።
- ኣቶ ደሎት ዝተባህለ ካብ ናይ ፈረንሳይ ምንቅስቃስ ዝመጸ ስደተኛ ቅድሚ 200 ዓመታት ናብ Hull ምጺኡ፤ ከምኡድማ ናይ ኣካውንታንሲ ንግዲ ጀሚሩ። ሓደ ካብ ደቂደቁ ነቲ ንግዲ ኣብቲ ሃገር ናብ ዝዓበየ ንግዲ ብምቕያር፡ ሎሚ እዚ ንግዲ እዚ ብዓለምለኻዊ ደረጃ ዝፍለጥ Deloitte and Touche ዝብል ማሕበር ኮይኑ ኣሎ።
- ኣሌክ ኢሲጎኒስ ዝተባህለ ስደተኛ ካብ ቱርኪ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ብ1922 ምስ ስድራቤቱ መጺኡ። ናይ መካይን ዲዛይነር ስለዝነበረ ከኣ «ሞሪስ ማይኖር» (‘Morris Minor’) ከምእውን «ሚኒ» (‘Mini’) ዝተባህላ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ማካይን ናብ ዓለም ኣታኣታትዩ። .

**Marks & Spencer**

ማይክል ማርክስ ብ1859 ኣብ ስሎሚን ሩስያ ተወሊዱ። ማርክስ መንእሰይ እንከሎ ድማ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ተሰዲዱ። ብዘይ ገለ ናይ ንግዲ ስራሕ ከምእውን ቋንቋ እንግሊዝ ከይከኣለ፡ ማርክስ ኣብ ሊድስ ባራን ናብ ዝተባህለ ስደተኛታት ዝቕጽር ዝነበረ ካምፓኒ ከደ። በብቕሩብ ድማ ማርክስ፡ ኣብ ሊድስ ዝነበረ ክፉት ዕዳጋ ናቱ ሽቐጥ ክጅምር ዘኽእሎ እኹል ገንዘብ ኣዋህለለ። ኣብቲ ዓንዲ ናይቲ ዝሸጠሉ ዝነበረ ባንኮ ከኣ ከምዚ ዝብል ብዓቢ ዝተጸሕፈ ጽሑፍ ኣንበረሉ፤ «ዋጋ ኣይትሕተቱ፡ ዋጋኡ ሓንቲ ሳንቲም እዩ»። ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት ድማ ማርክስ ኣብ ብምልእታ ፖርክሻየርን፤ ላንካሻየርን ተመሳሳሊ ዝኾነ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ዋጋ ኣቑሁ ዝሓዘ ናይ ዒዳጋ ባንኮ ኣብ ውሽጢ ናይ ዕዳጋ ኣደራሻት ከፈተ።

ኣብ 1894፡ ማርክስ ንግዱ ንኽስፋሕፍሕ ዝሕግዞ በዓል ሽርካ ንኽገብር ወሰነ። ኣብቲ እዋን እቲ ድማ ቶም ስፐንሰር ምስኡ ተሓወሰ። ስፐንሰር ድማ ንገለ እዋናንት ነቲ ማይክል ማርክስ ዝሰርሖ ዝነበረ ስርሓት ይርእዮ ኔሩ እዩ። በዓል ፍርቂ ንሙኻን ድማ ናይ £300 ዝኣክል ገንዘብ ክከፍል

ምስ ኣድለየ፡ ኢቲ ገንዘብ ኣብቲ ንግዲ እንተወዓለ ኣጸቢቑ የዋጽኦ ሙኻኑ ተገንዘበ። እቲ ዝተገብረ ስምምዒ ድማ ስፐንሰር ናይ ቤት ጽህፈትን ኣብቲ ውሽጢ ዘሎ ንብረትን ከመሓድር ከሎ፡ ማርክስ ድማ ነቲ ዕዳጋ ምክያዱ ቀጸለ። ብናይ ቶም ስፐንሰር ሓገዝ ድማ ማርክስ ኣብ ማንቸስተር፣ ቢርኒንጋም፣ ሊቨርፑል፣ ሚድልስበርግ፣ ሸፊልድ፣ ብሪስቶም፣ ሃል፣ ሳንደርላንድ ከምእውን ካርዲፍ ድኳናት ክኸፍት ክኢሉ።

ኣብ 1897 ድማ ናይ Marks & Spencer ስፍሓት ንግዲ ሰላሳን ሹድሽተን ቅርንጫፋት ከጠቓልል ክኢሉ። ኣብ 1903 Marks & Spencer ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር ኮይኑ፡ ከምእውን ኣብታ ዓመት እቲኣ ቶም ስፐንሰር ሃደ ሃብታም ሰብኣይ ብሙኻን ጡረታ ወጺኡ። ማይክል ማርክስ ግን ነቲ ንግዲ ምስፍሕፋሑ ቀጸለ፤ ሓደ ካብቶም ውርያት ንግድታት ኣብ ዓዲ ኢንግሊዝ ብምምስራት ድማ ኣብ ታህሳስ 31፡ 1907 ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልየ።

እቲ እትውንኖ ንግዲ ንእሽቶ ይኹን ዓቢ ኣየገድስን ኢዩ። ካብ ናይ ዕዳጋ ባንኮ ናብ ናይ ኣካውንታንሲ ማህበር ዕውት ክኸውን ይኽእል እዩ። ንምፍታን ድማ ምሉእ መሰል ኣሎካ፤ ምኽንያቱ እንተደኣ ተዓዊትካ ንዓኻ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ሰፊሕ ሕብረተሰብ ከይተረፈ እዩ ዝጠቕም። በቲ ሓደ ወገን ድማ ንግዲ ኣብ ትጅምረሉ ግዜ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ሽግራት ወይ ዕንቅፋታት ምፍላጥን ብዛዕብኦም ምሕሳብን ጽቡቕ እዩ። ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ትካል ተቖጺርካ ምስራሕ ንኹሉ ሰብ ዝምችእን ዝኾውንን ስለዘይኮነ እቲ ዘሎካ ሓሳባትን ክእለትን ብዝምልከት ብጥንቃቐ ክትሓስበሉ ይግባእ። እዚ መምርሒ እዚ ብዛዕብኡ ክሕግዘካን ብዛዕባ ቀጺሎም ንዘለዉ ናይ ሓገዝ ምንጭታት ኣለሊኻ ንኽትፈልን ክጠቕመካ እዩ፤

- → ካብ ንግዲ ንምጅማር ደገፍ ዝህባ ማሕበራት
- → ሓገዝ ክትሓቶም ትኽእል ንብጾትካ፣ ስድራቤት ወይ ድማ ንማሕበረሰብካ ዝኸውን ሓበሬታ

ንግድኻ ዕውት ንኽኸውን ኩሉ ክትረኽቦ እትኽእል ዓይነት ደገፍ ክትጥቀም ይግበኣካ።

| ክትገብሮም ዘሎካ ነገራት | ክትገብሮም ዘይብልካ ነገራት |
|---|---|
| እቶም ብዛዕባ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ንግድኻ ጽፍሒ ሓገዝ ክህቡኻ ዝኽእሉ ሰባትን ማሕበራትን ብኸመይ ከምትረኽብቦም መምርሒ ዝህበካ ጽሑፍ እዚ ከተምብቦ ከሎኻ ሊስታ ሓዝ። | ንበይንኻ ከምዘሎኻ ኮይኑ ክስመዓካ የብሉን። እቲ ናይ ንግድኻ ምዕዋት ኣባኻ ዝተመርኮሰ ክኸውን እንከሎ፡ እንተኾነ ግን ክሕግዘካ ዝኽእል ብዙሕ ደገፍ ኣብ ከባቢኻ ኣሎ። |

 © The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

# ደረጃ 2፡ ንግዲ ንኽትጅምር ሕጊ የፍቅደልካ ምኻኑ ኣረጋግጽ

ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ተማልእ እንተደኣ ኰንካ እቲ ሕጊ ናይ ባዕልኻ ንግዲ ክትጅምር የፍቅደልካ እዩ፤

→ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምስራሕ ክምእውን ናይ ምንባር/ምእታው ፍቓድ እንተለካ። እዚ ናይ ምንባር ፍቓድ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ክወሃብ ይከኣል፤

## 1. ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ ምስ ዝወሃበካ

i. ቅድሚ ነሓሰ 2005፡ ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ (refugee status) እንተደኣ ተዋሂቡካ ኰይኑ፡ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቃድ (Indefinite Leave to Remain (ILR)) ክወሃበካ እዩ። ደሓር ድማ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንዘይተወሰነ ግዜ ክትቅመጥ ትኽእል ኢኻ።

ii. ናይ ስደተኛ መንገሪ ፍቓድ፡ ድሕሪ ነሓሰ 2005 እንተደኣ ተዋሂቡካ ኰይኑ ናይ መንበሪ ፍቓድካ ግዚያዊ እዩ - እዚ ድማ ን5 ዓመታት ማለት እዩ። ድሕሪ 5 ዓመት ድማ፡ ጉዳይካ እንደገና ክረአ እዩ፤ ኣብ መበቆል ሃገርካ ገና ሽግራት እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ ድማ፡ ፍቓድካ ክናዋሕ ወይ ድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ (ILR) ክወሃበካ ይኽእል እዩ። እዚ እንተዘይኮይኑ ግን ካብዚ ክትለቅቅ ወይ ተመሊስካ ንዓድኻ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

## 2. ግዚያዊ ናይ መእተዊ/መንበሪ ፍቓድ፡ ወይድማ ካብ ክልቱኡ ሓዲኡ

i. ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዕቕባ (Humanitarian Protection) (ቅድሚ ነሓሰ 2005 እዚ ፍቓድ እዚ ን3 ዓመት ይወሃብ። ድሕሪ ነሓሰ 2005 እዚ ፍቓድ እዚ ን5 ዓመት ናይ ምውሃብ ዕድል ኣሎ። ኣብ መወዳእታ እቲ ግዜ ድማ ጉዳይካ እንደገና ኽረአ እዩ። ኣብ መበቆል ዓድኻ ገና ሽግር እንተደኣ ኣሎ ኾይኑ፡ እዚ ናይ ደሕንነት ፍቓድካ ክናዋህ ወይ ድማ ILR ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ሽግራት እንተደኣ ዘየለ ኮይኑ ግን ናብ ዓድኻ ክትምለስ ክግበር ይከኣል እዩ)። ወይድማ፥

ii. ግዚያዊ ናይ መንበሪ ፍቓድ (Discretionary Leave to Remain) (ን 3 ዓመት ወይ ካብኡ ንታሕቲ ዝወሃብ። ካብ ነሓሰ 2005 ጀሚሩ ጉዳይካ ድሕሪ 3 ዓመት እንደገና ክረአ እዩ። ደጊም ናይ ደሕንነት ዕቕባ

ኣየድልየካን እዩ ተባሂሉ እንተደኣ ተወሲኑ፤ ንሃገርካ ክትምለስ ክግበር ይከኣል እዩ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ን 6 ዓመታት ክትጸንሕ እንተደኣ ተፈቒዱልካ ድማ ILR ክወሃበካ ይኽእል እዩ።)

**ኣስተውዕል፤ ወግዓዊ ዝኾነ ንግዚኡ ወይ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ማለት (መብዛሕትኡ ግዜ) ክትሰርሕ ተፈቒዱልካ እዩ ከምእውን እቶም ቀንዲ ዝኾኑ በነፊታት ክወሃቡካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።**

ናይ ስራሕ ፍቓድ ወይድማ ናይ ምእታው ወይ ምንባር ፍቓድ ከምዘሎካ ብኸመይ ትፈልጥ? ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ብምርኣይ ኣረጋግጽ፧

- ናይ ኢሚግሬሽን ወረቓቕቲኻ፡ ወይድማ
- ካብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት (Home Office) ዝተወሃበካ መእተዊ/መንበሪ ፍቓድ፡ ከምዝተወሃበካ ዝገልጽ፡ ወግዓዊ ዝኾነ ደብዳቤ።

እዞም ወረቓቕቲ እዚኣቶም፡ ክትሰርሕ እንተደኣ ተፈቒዱልካ ኰይኑ ከምእውን ናይ ምእታው/ምንባር ፍቓድካ ንኽንደይ ግዜ ከምዘገልግለካ ክገልጹልካ እዮም። እዚ ፍቓድ እዚ ክውድቕ ቀረቡ እንተኾይኑ ንግዲ ቅድሚ ምጅማርካ ኩሉ ነገር ከተረጋግጽ ንምዕደካ። ከምዚ ዝስዕብ ድማ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፧

- ኣብ ታሕቲ ኣብ ዝተጻሕፉ ማሕበራት ሓገዝ ክህቡኻ ንሓዲኦም ክትውከሶም ትኽእል ኢኻ። እንታይ ክትገብር ከምዘድልየካ ድማ ክሕብሩኻ እዮም።
- ናብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ደብዳቤ ጽሓፍ።
- ናብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ብምድዋል፡ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ጉዳይ መልሲ ንኽወሃበካ ክንደይ ግዜ ከምዘድሊ ሕተቶም።

ናይ መንበሪ ፍቃድ ከምዝተወሃበካ ብወግዒ ምስ ተነገርካ፡ ሽዑ ንግድኻ ብኸመይ ከምትጅምሮ መደብ ክትገብር ትጅምር።


© The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

| ክትገብሮም ዘሎካ ነገራት | ክትገብሮም ዘይብልካ ነገራት |
| --- | --- |
| ቅድሚ ምጅማርካ እንተወሓደ ን3 ዓመታት ዝአክል ናይ ምእታው/ምንባር ፍቓድ ከምዘሎካ ኣረጋግጽ። ኢዚ ድማ ልቓሕ ንኽወሃበካ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡ ከንእውን ንግድኻ ኣብ ትጅምረሉ ግዜ ምስ ኢሚግሬሽን ካልእ ጉዳይ ኣይህልወካን። | እቲ እትጅምሮ ንግዲ ኣብቲ ናይ መእተዊ/መንበሪ ፍቓድካ ዝወድቀሉ እዋን ክኸውን የብሉን። ኣብዚ ደረጃ እዚ፡ ናይ መጀመሪ ደገፍ ክትረክብ ኣይትኽኢልን ኢኻ፡ እዚ ድማ ልቓሕ ንምርካብ ኣጸጋሚ ይገብሮ። |

**ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክትረክብ ከምትኽእል**

ብዛዕባ ናይ ኢሚግሬሽን ጉዳይካ ዝኾነ ይኹን ሕቶ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ ነዞም ዝስዒቡ ክትውከስ ትኽእል ኢኽ፥

→ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council)
www.refugeecouncil.org.uk
→ ናይ ኢሚግሬሽን ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት
(Immigration Advisory Service) www.iasuk.org.uk
→ ናይ ስደተኛታት ናይ ሕጊ ማእከል (Refugee Legal Centre)
www.refugee-legal-centre.org.uk
→ ክፍሊ ኢሚግሬሽንን ዜግነትን
(Immigration Nationality Department)
www.ind.homeoffice.gov.uk
→ ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ (Citizens Advice Bureau)
www.adviceguide.org.uk/index/your_rights/immigration
→ ናይ ስራሕ ምድላይ ፎሩም (Employability Forum)
www.employabilityforum.co.uk

# ደረጃ 3፥ ሲቪኻ (CV) ኣዳሉ

ሲቪ (ካሪክለም ቪተ) ብዛዕባ ስራሕካን ትምህርትኻን ሪከርድ ዝሓዘ ጽሑፍ ኢዩ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝኾነ ይኹን ሰብ ስራሕ ወይድማ ናይ ምጅማር ደገፍ ክደሊ እንከሎ፥ እዚ ሪከርድ እዚ የዳሉ። ሲቪኻ ከመይ ጌርካ ክትጽሕፎ ከምዘሎካ ዝሕግዙ ሓደሓደ ነጥብታት ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ኣለው።

ኣብ ሞንጎ ናይ ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ሞንጎ ናይ ስራሕ ዘይተማሃርካሉ ወይ ዘይሰራሕካሉ ናይ ግዜ ፍልልያት ክህሉ ይኽእል እዩ፤ እንተኾነ ግን እዚ ከምዚ ዓይነት ናይ ግዜ ፍልልይ እዚ ግን
ንግዲ ንምጅማር እኹል ብቕዓት ከም ዘሎካ ንኣብነት ከምኒ ናይ ባጀት ኣተሓሕዛ፣ ናይ ዕዳጋ ክእለት፣ ሰባት ምምሕዳር፣ ናይ ምምራሕ ክእለት ወዘተ ኣብ ሲቪኻ እንተደኣ ኣርኢኻ ብዙሕ ከይጸልወካ ይክእል እዩ።

ካብዞም ዝስዕቡ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፤

- ናይ ገዛእ ርእሶም ሲቪ ዝጸሓፉ ፈተውቲ ወይ ኣዝማድ
- ናይ ስራሕ ኣማኸርቲ ማሕበራት እንተኾነ ግን ክትከፍሎም ኣሎካ
- ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ብናጻ ዝሰርሑ ሰባት ወይድማ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ናጻ ዝኾነ ምኽሪ ክህቡ ይኽእሉ እዮም።

## ናይ ትምህርቲ ታሪኽ

ብዛዕባ ደረጃ ትምህርትኻ (ቤት ትምህርትኻ፣ ዩኒቨርሲቲ፣ ኮሌጅ) ከምእውን/ ወይድማ ናይ ስልጠና ትምህርቲ፣ ኩሉ ብቕዓትካ ዘጠቓለለ ብቕደም ተኸተል (ብዕለት መልክዕ) ጽሓፎም።

ሓደሓደ ግዜ ብቕዓትካ ዘርኢ ሰርቲፊኬት ከተቕርብ ክትሕትት ትኽእል ኢኻ፤

- **ሴርቲፊከትካ ምሳኻ እንተደኣ ኣሎ** እሞ ካብ መበቆል ዓድኻ ዘምጻእካዮ ናይ ብቕዓት ወረቓቕቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ተቐባልነት ከምዘለዎ መረጋገጺ እንተደኣ ደሊኻ፥ ናብ ሃገራዊ ማእከል ተቐባልነት ሓበሬታ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ (National Recognition Information Centre for the United Kingdom (UK NARIC)) ዝብል ቤት ጽሕፈት ከምኡ ዓይነት ኣገልግሎት ክህበካ ይኽእል እዩ።
- **እቲ ናይ ብቕዓት ሰርቲፊኬትካ ምሳኻ ዘየለ እንተደኣ ኰይኑ እሞ** ከተምጽኦ እንተደኣ ተሓቲትካ ናይ ትምህርቲ ታሪኽካ ብጽሑፍ ኣቕርቦ ከምእውን ዘድልየካ ምኽሪ ካብ ናይ ምጅማር ደገፍ (ደረጃ 9) ነቲ ማሕበር ተወከሶ።

 © The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

ምልክታ፡ ናይ ትምህርቲ ታሪኽ ኣድላዩ እኳ እንተኾነ፡ ቁረብ ክእለት ጥራይ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ በዚ ክትሻቐል የብልካን፤ ምኽንያቱ ነቶም ናይ መጀመሪ ደገፍ ዝህቡ ኤጀንሲታት ዘገድሶም ናይ ንግዲ ክእለትካ እዩ።

## ናይ ስራሕ ታሪኽ

ዝኾነ ይኹን ትሰርሖ ዝነበርካ ስራሕ ብዝርዝር ብቕደም ተኸተል ጽሓፍ። እዚ ድማ ናይ ስራሕ ታሪኽካ እዩ። ንግዲ ንኽትጅምር ድማ ብቅዓት ምህላውካን ዘይምህላውካን የርኢ። ቕድሚ ሕጂ ናይ ንግዲ ተሞክሮ እንተደኣ ኔሩካ ኮይኑ፡ ነዚ ሓበሬታ እዚ ክትጸቕጠሉ ይግበኣካ።

- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ መብዛህትኡ ግዜ ክልተ መሰኻኽር ክትህብ ኣሎካ። መሰኻኽር ዝበሃል፡ በቶም ቅድሚ ሕጂ ዘሰርሑኻ ዝነበሩ ዝተጻሕፈ ሓጺር ጽሑፍ ክኸውን እንከሎ፡ እንታይ ከምዝገበርካን፡ ማዕረ ክንደይ ~ንፉዕ ከምዝነበርካን ዝገልጽ እዩ።
- ቅድሚ ሕጂ ዘሰርሑኻ ዝነበሩ ካብ ካልእ ዓዲ እንተደኣ ኮይኖም ሓደሓደ ግዜ ንኽትረኽቦም ኣሸጋሪ እዩ። ሓደ ተሞክሮ ከተጥርየሉ ከምእውን ምስክር ክትረኽበሉ እትኽእል መንገዲ ከኣ ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዘልዉ ንግድታት ብናጻ ምስራሕ እዩ (ኣብ ታሕቲ ዘሎ ተወከስ ከምእውን ደረጃ 6 ተመልከት)።
- ኣብቲ ናይ ስራሕ ታሪኽካ፡ ዘይሰራሕካሉ እዋናት እንተደኣ ኣሎ ኾይኑ፡ ብዛዕባኡ ካብተን ናይ መጀመሪ ደገፍ ዝህባ ማሕበራት ምኽሪ ክወሃበካ ሕተት (ደረጃ 9)።

## ብፍቓድ ብናጻ ዝስራሕ ስራሕ

ዝኾነ ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ዝዘራሕካዮ ስራሕ  እውን ጠቓሚ እዩ። ንኣብነት፥ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ማሕበረሰብ ፕሮጀችት ወይድማ  ኣብ ንግዲ ምስራሕ ዝኣመሰሉ ናይ ግሊ ክእለትካ ከመይ ሙኻኑ ከርእዩ ይኽእሉ እዮም።

| ክትገብሮም ዘሎካ ነገራት | ክትገብሮም ዘይብልካ ነገራት |
|---|---|
| ኩሉ ኣብ ህይወትካ ዝረኸብካዮ ወይ ዝተዓወትካዮ ነገር ጽሓፎ፡ ንዝኾነ እትፈልጠ ብናጻ ክትሰርሓሉ እትኽእል ነገር ሕሰብ። ምስክር ክጽሕፉልካ ክትሕቶም ትኽእል ትኸውን። | ናይ ትምህርትኻ ይኹን ናይ ስራሕካ ታሪኽ ዝድግፍ መርትዖ ክትረክብ እንተደኣ ዘይከኣልካ፡ በዚ ኣይትጨነቕ። እዚ ንብዙሓት ስደተኛታት ዘጓንፎም ሸግር እዩ። |

## ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ከምትረክብ

- ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት (Jobcentre Plus)፡ ብዛዕባ ናይ ግሊ ስራሕ ምኽሪ ይህቡ ከምእውን ናብ ናይ ሲቪ ሓገዝ ዝህብ www.jobcentreplus.gov.uk ዝብል መርበብ ሓበሬታ ከእትውኻ ይኽእሉ እዮም።
- ኣብ ኢንተርነት ብዛዕባ ሲቪ ዝምልከት ናይ ናጻ ምኽሪ ዝህቡ ብዙሓት ሓበሬታታት ኣለው፡ ከምኒ BBC www.bbc.co.uk/radio1/onelife/work/index.shtml?cvs/ ወይድማ www.workthing.com ወይውን http://jobsadvice.guardian.co.uk/ ዝአመሰሉ
- ብዙሕ ግዜ ድማ ዩኒቨርሲታት ኣብተ፣ መርበብ ሓበሬታአን ኣጸሓሕፋ ሲቪ ብዝምልከት ምኽሪ ይህባ እየን

 © The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

# ደረጃ 4፡ ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ክእለትካ ንምምሕያሽ ሓገዝ ምድላይ

ኣብቲ መዓልታዊ ዝግበር ዝርርብን ከምእውን ብናይ ንግዲ ቋንቋ ጽሑቕ ጌርካ ክትረዳዳእ ክትክእል ይግባእ። እዚ ድማ ኸምዚ ዝስዕብ ጥቕሚ ኣለዎ፥

- → ናይ ንግዲ መደብካ ብጽሑፍ ንምስፋር
- → ምስቲ ኣለቃሒ ዋጋ ዕዳጋ ምግባር ወይከኣ ንቫልዩ ኣድድ ቀረጽ (Value Added Tax) (VAT)) ምምዝጋብ

ኣብ ኩሉ ናይ ንግድኻ መዳያት እንታይ ይግበር ከምዘሎ ክትርዳእ ኣድላዪ እዩ።

**ሓገዝ ካበይ ክትረክብ ከምትኽእል**
ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ትምህቲ ብዙሕ ግዜ ንኻልእ ቋንቋ ዝዛረቡ ዝወሃብ ናይ እንግሊዘኛ ትምህርቲ (English for Speakers of Other Languages (ESOL)) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ክሳብ ነሓሰ 2007 (ESOL) ንስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ብናጻ ይወሃብ። ድሕሪ ነሓሰ 2007፥

- → ናይ **መንበሪ ፍቓድ** (leave to remain) እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ (እዚ ማለት ድማ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ (refugee status)፣ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕባ (humanitarian protection)፣ ወይድማ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ (discretionary leave))፣ ስራሕ ዘይብልካ በነፊት ብምቕባል እትመሓደር እንተደኣ ኰንካ ናጻ ናይ ESOL ደገፍ ክወሃበካ መሰል ኣሎካ።
- → እንተኾነ ግና **ኩሎም ልዕሊ 19 ዓመት ዝኾኑ ሓተቲ ዑቕባ** ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ንኽመሃሩ **ክኸፍሉ** ይግበኦም።

ናይ ከባቢ ቤት መጻህፍቲ፣ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ፣ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት (Job Centre) ወይድማ ብቐጥታ ዝወሃብ ትምህርቲ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኹም ናይ ESOL ኣገልግሎት ዝህባ ማሕበራት ሓበሬታ ክህቡኻ እዮም። እዚኣቶም ድማ ከምዚ ዝስዕብ የጠቓልሉ፥

- → ናይ ድሕረ ትምህርቲ ኮሌጃት
- → ናይ ዓበይቲ ትምህርቲ ኮሌጃት
- → ዩኒቨርሲታት
- → ናይ ናጻ ከምእውን ናይ ኮሚኒቲ ማሕበራት
- → ናይ Learndirect ናይ ኢንተርነት ማእከላት
- → ትምህርቲ ዝህባ ናይ ግሊ ማሕበራት

## ናይ ንግዲ እንግሊዘኛ

ብዙሓት ናይ ድሕረ ትምህርቲ ኮሌጃት፡ ናይ ንግዲ እንግሊዘኛ ትምህርቲ ይህባ እየን፡ እንተኾነ ግን ንኽትከፍል ክሓታኻ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ትምህርቲ እዚ ድማ ኣበይ ከምዝወሃብ፡ እቲ ኣብ ከባቢካ ዝርከብ ናይ ንግዲ ኤጀንሲ፣ ቤት ምኽሪ ከምእውን ሓላፍነት ዘለዎ በዓል ስልጣን ክነግረካ ይኽእል እዩ።

(ካልኦት ናይ ከባቢ ማሕበራት ክህልዋ ይኽእላ እየን፡ ንኣብነት ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) ከምእውን ናይ ስደተኛታት ትምህርትን ስልጠናን ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት (Refugee Education and Training Advisory Service) (RETAS))፡ ንስደተኛታት ዝወሃብ ንንግዲ ዝጠቅም ቋንቋ እንግሊዝ ይምህሩ። ኣብ ከባቢኻ እንታይ ከምዘሎ ርአ።)

→ ኣብ ውሽጢ ከባቢኻ ዝኾነ ሰብ ካባኻ ዝበልጸ ናይ ንግዲ ቋንቋ ዝፈልጥ ሰብ እንተደላ ትፈልጥ ኰንካ፡ ክሕግዘካ ሕተቶ።
→ ናይ ቃልን ናይ ጽሑፍን ናይ ምትርጓም ኣገልግሎታት (ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት ምኽሪ ወይድማ ናይ ኮሚኒቲ ማሕበር ሕተት) ነቲ ጽሑፋት ብምትርጓም/ክትርድኦ ክትሓባበሩኻ ይኽእሉ እዮም። ነዚ ዓይነት ኣገልግሎት ግን ንኽትከፍል ክትሕተት ትኽእል ኢኻ።

 © The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

| ክትገብሮም ዘሎካ ነገራት | ክትገብሮም ዘይብልካ ነገራት |
| --- | --- |
| ብዝተኻእለ መጠን ትምህርቲ ክትወስድ ተመዝገብ። ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋኻ ንምምሕያሽ ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ መንገድታት ክትወስድ እንተደኣ ዘይከኣልካ፡ ጽቡቕ ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ፍልጠት ርእስኻ ኣብ ምኽኣል ከምእውን ንግድኻ ዕውት ዝኾነሉ ዕድላት ኣብ ምምሕያሽ ይጠቕመካ። | ካልኦት ሰባት ጥራይ ክሕግዙኻ ኣይትጸበ። ሓገዞም ጠቓሚ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ንግድኻ እንታይ ይካየድ ከምዘሎ ባዕልኻ ክትግምግም ይግበኣካ። |

**ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክትረክብ ከምትኽእል**

- → Learndirect www.learndirect.co.uk
- → ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ድሕረ ትምህርቲ ኮሌጅ
- → ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት (Jobcentre Plus)፥ ናይ ESOL ሓገዝ ኣበይ ከምዝርከብ ክነግረካ ይኽእል እዩ www.jobcentreplus.gov.uk
- → ናይ ስደተኛታት ናይ ምኽርን መምርሒታትን ማእከል (Refugee Advice and Guidance Unit) ንስደተኛታት ምኽርን ስልጠናን ይህብ www.londonmet.ac.uk/ragu/home.cfm
- → RETAS ናይ ንግዲ ፕሮጀክት ስልጠና ይህብ www.education-action.org
- → ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) ንንግዲ ዝጠቅም እንግሊዘኛ የቕ www.refugee-council.org.uk
- → ናይ ከባቢ ቤት መፃሕፍቲ
- → ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ (Citizens Advice Bureau) www.citizensadvice.org.uk
- → ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን/ሚኒስትሪ (ሚኒስትሪ ትምህርቲ)

# ደረጃ 5፡ ብዛዕባ ንግዲ ስልጠና ውሰድ

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ንግዲ ንኽትጅምር ዝሕግዙኻ ዝተፈላለዩ ናይ ንግዲ ስልጠናታት ኣለው። እዞም ናይ ስልጠና ትምህርቲ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ይሕግዙኻ፤

- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ከመይ ከምትጅምር ይሕብሩኻ
- እንታይ ክእለት ከም ዘሎካ ፈሊኻ ክትፈልጥ ይሕግዙኻ
- ናይ መጀመሪ ኣሰራርሓ ከመይ ሙኻኑ ይገልጹልካ
- ንምጅማር ብኸመይ ክትዳሎ ከምዘሎካ ክትሕንጽጽ ይሕግዙ
- ናይ ንግዲ ንድፊ ሓሳብ ንኽትጽሕፍ ይሕግዙኻ
- ብዛዕባ ቀረጽ፣ VAT፣ ከምእውን ሃገራዊ መድሕን ድርጅት (National Insurance) ሓበሬታ ይህቡኻ፣
- ምስ ካልኦት ናይ ባዕላቶም ንግዲ ዝጅምሩ ዘለዉ ሰባት ክትራኸብን ክትሰርሕን ዕድል ይህቡኻ

ክትከፍል ክትሕተት ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ግን ንግድኻ ቀድሚ ምጅማርካ ከተማሓይሾም ዝግበኣካ ክእለታት ኣለው ኢልካ እንተደኣ ሓሲብካ ኮንኺ፡ ኢዚ ምግባር ጽቡቕ እዩ። ብዙሓት ማሕበራት ንስደተኛታት ናይ ንግዲ ስልጠና ይህባ። ናይ ከባቢ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ወይውን ማሕበራት ብዛዕባ ኣብቲ ትቕመጠሉ ከባቢ ብዛዕባ ዘሎው ነገራት ዝርዝር ሓበሬታ ይፈልጣ ይኾና።


© The Prince's Trust and the Refugee Council 2006

## ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክትረክብ ከምትኽእል

- → ናይ ንግዲ ስልጠና ዝህባ ናይ ምጅማር ኤጀንስታት ኣብቲ The Prince’s Trust ዝብል ናይ ምጅማር መምርሒ 12 - ምንጪ ናይ ሓገዝ ብዝርዝር ተጻሒፉ ኣሎ
- → RETAS ናይ ንግዲ ምጅማር ትምህርቲ ይህብ፡ ከምእውን ኣብዞም ዝስዕቡ ነገራት ዝግደሱ ስራሕ ንዘይብሎም ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን፡ ደገፍ ይቕርብ (ሀ) ናይ ባዕላቶም ንግዲ ምጅማር (ለ) ምስ ካልእ ዝተሓባበር ሰብ ሽርካ ምኳን (ብዙሕ ግዜ ኣብ ለንደን) ዝደልዩ www.education-action.org
- → ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) «ስደተኛታት ናብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ክኣትዉ ምትብባዕ» ብዝብል ዝልጠና ይህብ www.refugeecouncil.org.uk
- → ናይ ኮሚዩኒቲ ተግባራዊ ዝምድና (Community Action Network) ኣብ ለንደን ንዘለዉ ስደተኛታት ናይ ንግዲ ስልጠና ይህብ www.can-online.org
- → መራኸቢ ንግዲ (Business Link) ናይ ህዝቢ ማሕበር ክኸውን እንከሎ፡ ንናኣሽቱን ንማእከላይ መጠንን ንግዲታት ናይ ንግዲ ምኽሪ ይህብ። ስርሑ ብናይ ከባቢ መራኸቢታት የመሓላልፍ። ኣብ ከባቢኻ ዘሎ መራኸቢታት ርኸቦ www.businesslink.gov.uk
- → ናይ ሕቡራት መንግስታት ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ (United Nations Refugee Agency) (UNHCR) ፕሮጀክት <ኦንላይን ስደተኛታት> (‘Refugees Online’) ክሕግዘኹም ዝኽእሉ ዝርዝር ስም ናይ ማሕበራት ኣለዎ www.refugeesonline.org.uk

# ደረጃ 6፥ ኣብ ከባቢኻ ወይ ኣብቲ ማሕበረሰብ ዘሎ ናይ ንግዲ ስራሕ ብፍቓድካ ብናጻ ተሳተፍ

ብፍቓድካ ብናጻ ምስራሕ ማለት ብዘይ ገለ ክፍሊት ምስራሕ ማለት እዩ። ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ናይ ንግዲ ወይ ናይ ኮሚዩኒቲ ስራሕ ብናጻ ንኽትሳተፍ ሕሰበሉ። እዚ ድማ በዚ ዝስዕብ መንገድታት ክጠቕመካ ይኽእል፥

- → በቲ ክትጅምሮ እትደሊ ዓይነት ንግዲ ናይ ስራሕ ተሞክሮ ምጥራይ
- → ፍሉይ ዝኾነ ክእለት ምምሕያሽ
- → ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ክእለትካ ምምሕያሽ
- → ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ተሞክሮ ከምዘሎካ ብምርኣይ ሲቪኻ ተማሃይሽ
- → ናይ ስራሕ ምስክር ትረክብ፤ መሳርሕትኻ ብዛዕባኻ ብምጽሓፍ ክተሓባበሩካ ይኽእሉ ይኾኑ።

**ሓታቲ ዑቕባ (asylum seeker) ኰንካ እሞ ናይ መምበሪ ፍቓድ (Leave to Remain) ንኽወሃበካ ገና ውሳኔ እትጽበ ዘሎኻ እውን፥ ብናጻ ክትሰርሕ ፍቓደኛ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።**

ብናጻ ክትሰርሓሎም እትኽእል ኣጋጣሚታት ምድላይ

- → ንዝኾኑ እትፈልጠም ንግዲ ዘለዎም ሰባት፥ ብናጻ ክትሰርሓሎም ትኽእል እንተደኣ ኰንካ ሕተቶም።
- → ብዛዕባ ዘሎካ ናይ ንግዲ ሓሳባት ኣስተንትን፥ ደሓር ኣብ ከባቢኻ ተመሳሳሊ ንግዲ ዘለዎም ተወከስ።
- → ብናጻ ክትሰርሓሎም እትኽእል ዝኾነ ናይ ኮሚዩኒቲ ፕሮጀክት እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ ድለ።

 © The Prince's Trust and the Refugee Council 2006

## ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክትረክብ ከምትኽእል

- → ሃገራዊ ብናጻ ብፍቓድ ናይ ምግልጋል ማእከል (National Centre for Volunteering) www.volunteering.org.uk
- → Reach www.volwork.org.uk
- → ረፍዩጂ ኣክሽን (Refugee Action) www.refugee-action.org.uk
- → ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) www.refugeecouncil.org.uk
- → RETAS www.education-action.org
- → Timebank www.timebank.org
- → ናይ ዓዲ እንግሊዝ ብፍቓዱ ብናጻ ዘገልግል ስልጠና (Volunteer Development England) www.vde.org.uk
- → The Prince's Trust www.princestrust.org.uk

# ደረጃ 7፡ ቆልዑ ዝሕዙልካ ኣዳሉ

ደቅኻ ባዕልኻ ትኣልዮም እንተደኣ ኮንካ፡ እሞ ሓድሽ ንግዲ ክትጅምር እንተደኣ ደሊኻ፡ ደቅኻ ብጽቡቕ ዝተሓዝሉን ንስኻ ድማ ክትሕጎስን ክትሃድእን ምእንቲ ክትዳሎ ይግበኣካ።

ገለገለ ሓሳብ ከምዚ ዝስዕብ የጠቓልል፥

→ ፈተውትኻ ወይ ስድራቤትካ ደቅኻ ክሕዙልካ ዝኽእሉ ሕተቶም

→ ናይ ከባቢ ክንክን ቆልዑ ዝህቡ፥ ደቅኻ ምስ ዘይትፈልጦም ሰባት ክትገድፎም የሻቕለካ እንተደኣ ኮይኑ፡ ዝተመዝገቡ ተሓዝቲ ቆልዑ ድለ። እዞም ምዝጉባት ተሓዝቲ ቆልዑ እዚኣቶም፥
  - ብቕዓት ኣለዎም
  - ንደቅኹም ደሕንነቱ ዝተሓለወ ሃዋህው ክፈጥርሎም ይኽእሉ፡ ምኽንያቱ ብሕጊ ሓላፍነት ስለዝወሰዱ
  - ንደቅኹም ብግቡእ ይንከባኸብዎም ከምዘለዎ ንኽትፈልጡን ብዝበለጸ ብኽትፈልጥዎም ምስኣታቶም ገለ ግዜ ከተሕልፉ ይደልዩ።

→ መንግስቲ ገለ ሓገዝ ክህበካ እዩ ንኣብነት ብናይ ስራሕ ቀረጽ ክረዲት (Working Tax Credit) ኣሰራርሓ መንገዲ ንናይ ደቅኻ መውዓሊ ዝኸውን ገንዘብ ይወሃበካ ይኸውን። (ብዛዕባ እዚ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ተመልከት)

→ ካብ ዝተፈለለዩ ኪኢላታት ኤጀንሲ ድማ ምኽሪ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ ከምኒ ሓደ ስድራ ቤተሰብ (One Parent Families) ዝብል ንስድራቤት ልቓህ ዝህብ (Lone Parent Helpline) ናይ ቴሌፎን መስመር - 0800 0185 026

→ ናይ መጀመሪ ደገፍ ክትሓትት ከሎኻ (ደረጃ 9)፡ ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሓበሬታ ክወሃበካ ሕተት።


© The Prince's Trust and the Refugee Council 2006

## ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክትረክብ ከምትኽእል

- → ናይ ስራሕ ቀረጽ ክረዲት መስመር (Working Tax Credit Helpline) (ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፣ ዌልስ፣ ስኮትላንድ) 0845 300 3900/ (ሰሜናዊ ኣየርላንድ) 0845 603 2000
- → Sure Start ናይ መንግስቲ ፕሮግራም ክኸውን እንከሎ፡ ንነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ግሩም ዝኾነ መጀመሪ ይህብ። ብዛዕባ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዘሎ ናይ ቆልዑ ክንክን ሲስተም ጠቃሚ ዝኾነ ሓበሬታታት ኣልዎ፤ ከምእውን ዋጋታት ብዝምልከት ብኸመይ ሓገዝ ክትረክብ ከምትኽእል ሓበሬታታት ይህብ www.surestart.gov.uk ወይውን www.childcarelink.gov.uk
- → ሓደ ስድራ ቤተሰብ (One Parent Families)፣ ንስድራቤታት ልቓሕ ኣብ ምሃብ ዝሰልጠኑ ኪኢላታት፡ www.helpdesk.oneparentfamilies.org.uk (ዓዲ እንግሊዝ ዌልስን) www.opfs.org.uk (ስኮትላንድ)
- → Gingerbread ናይቲ ሓደ ስድራ ቤተሰብ ዝብል ማሕበር ኔትዎርክ ኣለዎ www.gingerbread.org.uk
- → መውዓሊ ህጻናት (Daycare Trust) ዝበሃል ሃገራዊ ዝኾነ ናይ ህጻናት ክንክን ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። እቲ መርበብ ሓበሬታኦም ድማ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ህጻናት ዝያዳ ሓበሬታ ክህበካ እዩ www.daycaretrust.org.uk
- → ሃገራዊ መዓልቲ ኣለይቲ ሕሙማት ማሕበር (National Day Nurseries Association) (NDNA) ሃገራዊ ገባሪ ሰናይ ማሕበር ክኸውን እንከሎ ንህጻናት ኣብቲ ናይ መጀመርያ ደረጃ ዕድሚኦም ዕብየትን ትምህርትን ኣብ ምሃብ ዝዓለመ እዩ፡ www.ndna.org.uk
- → ሃገራዊ ተሓዝቲ ቆልዑ ማሕበር (The National Childminding Association) (NCMA)፡ ሃገራዊ ረድኤትን ከምእውን ኣብቶም ኣብ ዓዲ እንግሊዝን ዌልስን ዘለዉ ምዝጉባት ተሓዝቲ ቆልዑ ማሕበራት ኣባል እዩ። www.ncma.org.uk
- → ናይ መዋእለ ህጻናት ትምህርቲ ማሕበር (The Pre-school Learning Alliance)፡ ኣብ ትምህርቲ ዝግደስ ረዲኤት ኮይኑ፡ ብቕዓቱ ድማ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ዓመታት ዘለዉ ህጻናት ዘተኮረ www.pre-school.org.uk

# ደረጃ 8፡ ዘሎካ ገንዘብ ወድብ

**ናይ ባንክ ሓሳብ**

ናብ ባንክ ሕሳብ ክትከፍት እንተደላ ደሊኻ፡ መንነትካ ከተርኢ ኣሎካ። እቲ ባንኪ ፓስፖርትኻ (passport)፣ መምርሒ ፍቓድ መኪና፣ ወይድማ ናይ ክፍሊት ቅብሊት (ንኣብነት፡ ናይ ኤለክትሪክ ወይ ናይ ጋዝ ቅብሊት) ክሓትካ ይኽእል።

እዞም ነገራት እንተደላ ዘይብልካ ኰንካ፡ እዚ ባንኪ ካልእ መንነትካ ዘርኢ ወረቓቕቲ ከምኒ እቲ ብወግዒ ዝወሃብናይ መንበሪ ፍቓድ (Leave to Remain) ወይድማ ካልእ ናይ ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት (Home Office) ዶኵመንት ዝኣመሰሉ ይቕበል እንተኾይኑ ሕተት።

**ካረንት** (current) ዝበሃል ናይ ባንኪ ሒሳብ ካብ ምኽፋት እቲ **መሰረታዊ ዝኾነ** (basic) ናይ ባንኪ ሒሳብ ክትከፍት ይቐለልካ ይኸውን። በቲ **ካረንት** ከምእውን **መሰረታዊ** ዝኾነ ናይ ባንኪ ሕሳብ ከምዚ ዝስዕብ ክትገብር ትክእል፤

- ነቲ ናይ ካሽ ካርድ ተጠቒምካ ካብ ናይ ካሽ ማሺን ገንዘብ ከተውጽእ ትክእል
- ዘሎካ ዝኽፈል ገንዘብ ወይ ሕሳብ ትኸፍል፡
- ምስቲ ካረንት ዝበሃል ናይ ባንኪ ሕሳብ ግን ብስምምዕ ዝቕየድ ‘ኦቨርድራፍት’ (‘overdraft’) ጥራይ እዩ ዘሎካ

*ኦቨርድራፍት ዝበሃል ካብቲ ኣብ ባንኪ ዘሎካ ገንዘብ ንላዕሊ ከተውጽእ ወይ ክትጥቀም ዘፍቅደልካ ማለት እዩ። (እቲ ባንኪ የለቅሓካ)። እዚ እንተደላ ኮይኑ ድማ እቲ ባንኪ ድማ ብዙሕ ግዜ ወለድ፡ ከምእውን ሓደሓደ ግዜ ካልእ ክፍሊታት የኽፍለካ (ናይ ገንዘብ ኣገልግሎት በዓል ስልጣን (Financial Services Authority) (FSA)፡ 2006)*

ምስቲ **መሰረታዊ** ናይ ባንኪ ሕሳብ፡ እቲ ካብ £10 ንላዕሊ ክትጥቀም ኣየፍቅደልካን እዩ። እቲ ባንኪ ናይ ክረዲት ታሪኽካ እውን ክርእዮ ይደሊ ይኸውን እዩ፡ ነዚ ሓበሬታ እዚ ብምጥቃም ድማ፡ **ካረንት** ናይ ባንክ ሕሳብ ወይድማ ልቓሕ ክህበካ ወይ ከይህበካ ይውስን ማለት እዩ። ነዞም ዝስዕቡ ነገራት የረጋግጽ፥

- ናይ ቀድሚ ሕጂ ዝነበሩኻ ዝተፈላለዩ ሕሳባት፡ ከምእውን
- ዝኾነ ይኹን ዕዳ ከይህልወካ።


© The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

እንተኾነ ግን ካብ ካልእ ሃገር ስለዝመጻእካ፡ እቲ ባንኪ ናይ ክረዲት ታሪኽካ ከረጋግጽ ኣይክእልን ይኸውን። ስለዚ፡ ናይ **ካረንት** ናይ ባንኪ ሕሳብ ንምኽፋት ኣሸጋሪ ይኸውን። እቲ ባንኪ ዘእተኻዮ ምልክታ እንተደኣ ነጺግዎ፡ ካልእ **መሰረታዊ** ዝኾነ ሕሳብ ክኸፍተክላ ሕተቶም።

በ ናይ ባንኪ ሕሳብ ንምኽፋት ዝኾነ ዓይነት ሽግር እንተደኣ ኣጋጢሙካ፡ ነቶም ናይ ከባቢኻ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ወይድማ ናብቲ ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ (Citizens Advice Bureau) ብምኻድ ብዛዕባ እዚ ብዙሕ ስራሓት ስለዝሰርሑ ተወከሶም። ምንጭታት ናይ ሓገዝ ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ 1ጽ ኣሎ።

**ናይ ምስልምና እምነትን ገንዘብን**

ናይ ምስልምና እምነት ተኸታሊ እንተደኣ ኰንካ፡ ቅድሚ ንግዲ ምጅማርካ ብዛዕባ <ሪባ> ክትሓስብ የድልየካ። ሪባ ማለት ወለድ ምኽፋልን ምቕባልን ማለት እዩ። ኣብ ሸኣ ብሕጊ ሼሪዓእዚ ኣይፍቀድን እዩ፡ እዚ ድማ ሓራም ንምግባር ትቃላዕ ኣሎኻ ማለት እዩ።

ነዚ ሽግር እዚ ብኸመይ ትፈትሖ?

- → ናይ ባዕላቶም ንግዲ ካብ ዘለዎም ፈተውትካ፣ ናይ ስድራቤትካ ወይድማ ናይ ማሕበረሰብካ ኣባላት ምኽሪ ድለ
- → ሓደሓደ ባንክታት ከምእውን ማሕበራት ናይ ሸሪዓ ሕጊ ዘኽብሩ ስለዘለው፡ ክሕግዙኻ ይኽእሉ ይኾኑ እዮም።

**ኣብነታት ናይ ሸሪዓ ጥርዓናት ዘለወን ማሕበራት/ባንክታት**

ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምስልምና ባንክ (Islamic Bank of Britain) ናይ ሸሪዓ ሕጊ ዝኽተል እዩ።

HSBC ኣብ 2003 ኣማና ዲቪጂን (Amanah division) ንኣስላም፡ ናብ ገለገለ ነገራት ከምኒ ገዛ፣ ገንዘብ፣ ከምእውን ናይ ግሊ ሕሳብ ዝኣመሰሉ ክወሃቦም ገሩ። ሕጂ ድማ ናይ እስላም ናይ ግሊ ንግዲ ብኸመይ ከምዝድግፍ መንገድታት እንዳደለየ እዩ።

እቲ ፕሪንስ ትራስት (The Prince’s Trust) ሓደ ናይ ሸሪዓ ምሁር ሰብ ብዛዕባ መንእሰያት ኣስላም ኣብ ምኽፋልን ናይ ትራስት ልቃሕ ምኽሪ ክህቡ ሓቲቱ። እዚ ድማ እቲ ናብ ትራስት ዝኣቱ ክፍሊት ከም ናይ «ምምሕዳር ክፍሊት እምበር ከም ሓረጣ ከይርአ» ዝብል እዩ ኔሩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክትረክብ ከምትኽእል

- FSA ናይ (ገንዘብ ኣገልግሎታት በዓልስልጣን (Financial Services Authority)) መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ መሰረታዊ ናይ ባንክ ሕሳብ ሓበሬታ ኣለዎ www.fsa.gov.uk
- ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ (Citizens Advice Bureau) www.citizensadvice.org.uk
- እስላማዊ ባንክ ዓዲ እንግሊዝ (Islamic Bank of Britain) www.islamic-bank.com
- ብዛዕባ HSBC Amanah ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ www.hsbcamanah.com
- ናይ መጀመሪ መምርሒ 2 — ንግዲ ምጅማር፣ ናይ መጀመሪ ልቓሕ ብኸመይን ኣበይን ክርከብ ከምዝከኣል ሓበሬታ ይህብ። www.refugeesintobusiness.org.uk/guide
- ናይ መጀመሪ መምርሒ 12 — ናይ ሓገዝ ምንጪ - ዝርዝር ኣስማት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዘጠቓለለ እዩ:: www.refugeesintobusiness.org.uk/guide


© The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

# ደረጃ 9፡ ካብ በዓል ሞያ ናይ ምጅማር ደገፍ ድለ

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ገዛእ ርእስኻ ንግዲ ንምጅማር፡ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ብዙሓት ማሕበራት ኣለዉ፡ እዚኣቶም ብዙሕ ግዜ ኣብ ሓደ ንሓደ ዝዓለመ ኣሰራርሓ ምኽሪ ዝህቡን ኣብ ሞንጎ ክይኖም ዘሳልጡን ሰባት የቕርቡ። ብኪኢላታት ዝወሃብ ምኽሪ ዓቢ ናይ ደገፍ ምንጪ ኮይኑ ንግዲ ምክያድ የዋጽኣካ ምኺኑን ዘይሙኻኑን ክትርእን ክትውስንን ከምእውን ብኸመይ ኣብ ተግባር ከምተውዕሎ ንምፍላጥ ይሕግዘካ።

## ናይ መጀመሪ ደገፍ ዝህቡ ማሕበራት

ናይ መንግስቲ፣ ናይ ግሊ፣ ከምእውን ናይ ናጻ እርዳታ ጉጅለ ዝኮኑ ናይ መጀመሪ ደገፍ ዝህቡ ማሕበራት ኣለዉ፤ እዚኣቶም ከምዞም ዝስዕቡ ነገራት ይህቡ፥

→ ንግድኻ ብኸመይ ከምትጅምሮ ምኽሪን መምርሒን ይህባ
→ ናይ ንግዲ ስልጠና ትምህርቲ
→ ናይ ንግዲ ፕላን ንምጽሓፍ ሓገዝ
→ ብዛዕባ ናይ ጉዳያት መራኸቢታት ሓበሬታ

ሓደሓደ ካብዞም ምኽርታት እዚኣቶም ብናጻ ክርከቡ ከለዉ፤ ንገሊኦም ግና ክትከፍለሎም ኣሎካ። ኣብ ከባቢካ እንታይ ከምዘሎ ርኢኻ ኣረጋግጽ።

## ናይ ንግዲ ኣማኻሪ

ናይ ንግዲ ኣማኻሪ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ምኽሪ ይህብ፡ ንኣብነት፡ ናይ ንግዲ ፕላን ምጽሃፍ፣ ሕጋዊ ዝኾኑ ጉዳያት ወይድማ ገንዘብካ ብኸመይ ከምተማሓድር። መብዛሕትኦም ኣማኸርቲ ናይ ስልጠና ትምህርቲ ዝወሰዱ ከምእውን እኹል ዝኾነ ተሞክሮ ዘለዎም እዮም። ዝተፈላለየ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ኽሕግዙ ይኽእሉ ከምእውን ኣብ ኣሸጋሪ ዝኾነ ኩነታት ምኽሪ ይህቡ። ኣማኸርቲ ኣብ ናይ ሓጺር ወይ ነዊሕ ፕላን ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም። ነዞም አገልግሎታት እዚኣቶም ክትከፍለሎም ክትሕተት ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ናይ ንግዲ ሊንክ (Business Link) መርበብ ሓበሬታ ዳውንሎድ ክትገብሮ እትኽእል <ናይ ንግዲ ኣማኻሪ ብምምራጽ ኣማሓድር> ብዝብል ዝሰፈረ መምርሒ ክትረክብ ኢኻ። (ኣብ ታሕቲ ተመልከት)

**ኣብ ሞንጎ ናይ ንግዲ መሃርን ኣማኻርን ዘሎ ፍልልያት**

ናይ ንግዲ ኣማኻሪ ኪኢላ ክኸውን እንከሎ፡ ፍሉይ ዝኾነ ምኽሪ ይህብ። ናይ ንግዲ መምህር ከኣ ብዙሕ ግዜ ብናጻ ዝሰርሕ ኮይኑ ሓፈሻዊ ዝኾነ ናይ ግንዲ መምርሒታት ይህብ ከምእውን ሓሳባትን ሽግራትን ኣመልኪቱ ይዘራረብ።

## ናይ ንግዲ መምህር

ናይ ንግዲ መምህር፡ ንግዲ ንዝጅምር ሰብ ስሩዕ ዝኾነ ናይ ንግዲ ይኹን ናይ ግሊ ዝኾነ ምኽሪ ይህብ። ዕላማ ናይዚ ትምህርቲ እዚ ንነዊሕ ግዜ ዝኸይድን ዕውት ዝኾነ ንግዲ ንኽትምስርት ዝሕግዘካ እዩ። ናይ ንግዲ መማሃራን ብዙሕ ግዜ፡ ሓያል ዝኾነ ናይ ንግዲ ተሞክሮ ወይ ድሕረ ባይታ ኣለዎም።

እቲ ናይ ንግዲ መምምህር፡ ክሳብ እቲ ናይ ስምምዕ ግዜ ዝውዳእ ምስጢሩ ዝተሓለወ ደገፍ ይህብ፤ እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ክልተ ዓመት ዘሎ ግዜ እዩ።

- ሓደሓደ ማሕበራት ናይ መጀመሪ ፓኬጅ ይህቡ እዮም፤ እዚ ድማ ናይ ንግዲ ትምህርቲ ዝሓዘ እዩ። ናይዚ ፓኬጅ እዚ ዝርዝር ሓበሬታ ደሊኻ ፍለጥ።
- መብዛሕትኦም ናይ ንግዲ መመሃራን፡ እቲ ዝህብዎ ኣገልግሎታት ብፍቓዶም (ብናጻ) ክኸውን እንከሎ፡ ግን ብዛዕባኡ ቅድሚ ምጅማርካ ከተረጋግጽ ይግበኣካ።

 © The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

## ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክትረክብ ከምትኽእል

### ናይ መጀመሪ ደገፍ

→ መምርሒ 12 ናይ ሓገዝ ምንጭታት ናይ መጀመሪ ደገፍ ዝህባ ዝርዝር ኣስማናት ናይ ማሕበራት ይህብ።
www.refugeesintobusiness.org.uk/guide

### ንዝተፈለዩ ጉጅለ ጥራይ ዝወሃብ ኣገልግሎትታት፤

→ ናይ ፕሪንስ ትራስት (The Prince's Trust) ኣብ ሞንጎ 18 ክሳብ 30 ዘለው ስራሕ ዘይብሎም መንእሰያት፡ ንግዲ ንክጅምሩ ይሕግዝ
www.princes-trust.org.uk

→ Shell LiveWire ኣብ ሞንጎ 16 — 30 ዓመት ዘለው መንእሰያት ናይ ባዕላቶም ንግዲ ንኽጅምሩ ዘተባብዕ እዩ
www.shell-livewire.org

→ The Prime Initiative ንልዕሊ 50 ዓመት ዘለው ሰባት ናይ ባዕላቶም ንግዲ ንኽምስርቱ ኣብ ምሕጋዝ ዝተወፈየ ሃገራዊ ማሕበር እዩ
www.primeinitiative.org.uk

### ንኹሉ ዝወሃብ ኣገልግሎታት፤

→ ናይ ከባቢ ናይ ንግዲ ሊንክ (Business Links)
www.businesslink.gov.uk.

→ ናይ ከባቢ ኢንተርፕራይዝ ኤጀንሲታት
(Local Enterprise Agencies) (LEAs) www.nfea.com

→ ናይ ከባቢ ቻምበር ናይ ኮመርስ (Chamber of Commerce)
www.britishchambers.org.uk

→ ናይ ንግዲ ብፍቓድ ንናጻ ናይ ምምሃር ፕሮግራም (Business Volunteer Mentoring (BVM) Programme)
www.bvm.org.uk

# ደረጃ 10: ካልእ ምንጭታት ሓገዝ

ቤተሰብካ፣ ፈተውትኻ ከምእውን ማሕበረሰብካ  ዝበለጹ ናይ ሓገዝ ምንጪ እዮም። ናይካ ብርቱዕን ድኹምን ጎኒ እንታይሙኳኑ ካብ ማንም ሰብ ንላዕሊ ይፈልጡ እዮም። ናታቶም ሓገዝን ካብ ናይ ምጅማር ማሕበራት እትረኽቦ ፕሮፈሽናል ዝኾነ ምኽርን ብሓንሳብ፡ ናይ ገዛእ ርእስኻ ንግዲ ምጅማር የዋጽኣካ ሙኳኑ ፍጹም ንኽትውስን ክሕግዘካ እዩ።

**ካብ ኣንጎላ ዝመጹ ስደተኛታት፥  ማርያ ሉዝያ**
ማርያን ሉዝያን መሓዙት እየን። ክልቲአን ከኣ ካብ ኣንጎላ መጺአን ኣብ ሓደ ከባቢ ኣብ ማንቸስተር ይቕመጣ።  ማርያ ቤት መግቢ ክትከፍት ስለዝደለየት እንታይ ክትገብር ከምዘለዋ ይዘራረባ ኣለዋ . . .

***ሉዝያ፤*** ብጣዕሚ ጽቡቕ ሓሳብ ኢዩ፡  ማርያ! እትሰርሕዮ ምግቢ ኩሉ ግዜ ጥዑም እዩ! ከምእውን ምስ ሰባት ዘሎኪ ኣቀራርባ ዝድነቕ እዩ። እዚ ነገር እዚ ምስ ቤት መግቢ ዝኸይድ እዩ፡ ገለገለ መሓዙትና ብፍላይ ከኣ እተን መንእሰያት ኣዴታት ዝእከብሉ ቦታ ምህላው ክንደይ ጽቡቕ እዩ።

***ማርያ፤*** መጀመሪ ዝኸውን ገንዘብ ካበይ ይረክብ ኢልኪ ትሓስቢ?

***ሉዝያ፤*** ጂምስ ወዲ ሓዎቦይ ናቱ ንግዲ ጀሚሩ ኣሎ። ኽሕግዝ ይኽእል ይኸውን።

***ማርያ፤*** ጽቡቕ ሓሳብ ኢዩ። ሕጂሕጂ ክሓቶ ኢየ።

***ሉዝያ፤*** ካልእ ሓሳብ እውን ኣሎኒ ማርያ። ቅድሚ ክልተ ሰሙን ሱዛን ማሓዛይ ንድራር ዓዲማትኒ ኔራ። ናብ ብጣዕሚ ጽቡቕ ዝኾነ ኣብ ትራፎርድ ዝርከብ ናይ ኣፍሮ-ካሪብያን ቤት ምግቢ ኬድና ኔርና። ናይ ሱዛን ኣኮን ሓትነን እዮም ዋናታቱ። ቤት መግቢ ምጅማር የዋጽኣኪ ሙኳኑ ንምፍላጥ፡ ብናጻ ምሳታቶም ክትሰርሒ ዘይትሓትዮም? ምስ ሱዛን ከራኽበኪ ይኽእል እየ።

***ማርያ፤*** ብጣዕኢሚ ጽቡቕ ሓሳብ! ናይ ኣንጎላ ምግቢ ክሰርሕ የፍቅዱለይ ይኾኑ፡ ደሓር ሰባት እንተፈትዮሞ ክርኢ እየ። ስለ ሓገዝኪ የቐንየለን ሉዝያ። ምሳኺ ብምዕላለይ ሕጉስቲ እየ።

 © The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

ምስ መሓዙትካ፣ ስድራቤትካ ከምእውን ኣባላት ማሕበረሰብካ ምዝርራብ ብኸምዚ ዝስዕብ ክሕግዘካ ይኽእል፤

- → **ብርታዐኻ የፍልጠካ፡** ሉዝያ ንማርያ ኣጸቢቓ እያ እትፈልጣ። ናይ ሉዝያ መልሲ ማርያ እቲ ዝድለ ክእለት ምህላዋን ዘይምህላዋን ከተለሊ ኣኽኢልዋ።
- → **ናይ ብናጻ ብፍቓድ ምስራሕ ዕድላት ይኸፍተልካ፡** ኣብቲ ቤት ምግቢ ምስራሕ ማሪያ ኣብ ናታ ናይ እንዳ ሻሂ ኣብ እትኸፍተሉ እዋን ከመይ ከምዝመስል ሓሳባት ክህባ እዩ።
- → **ሓሳባትካ ይፍተን፡** ብዛዕባ ናይ ንግዲ ምኽፋት ምስ ሉዝያ ብምዝርራብ፡ ማርያ ኣብቲ ከባቢ>ቲ እንዳ ሻሂ የድሊ ሙኻኑን ዘይሙኻኑን ናይ መጀመርያ ሓሳብ ረኺባ።
- → **ብዛዕባ ናይ መጀመሪ ደገፍ ትፈልጥ፡** ማርያ ጀምስ ከመይ ጌሩ ንግዱ ከምዝጀረን ልቓሕ ካበይ ከምዝረኸበን ክትሓቶ ትክእል እያ። እዚ ድማ ብዛዕባ ናይ መጀመሪ ደገፍ ብዙሕ ሓበሬታ ክትረክብ ክሕግዛ እዩ።
- → **መምህር ዝኾነካ ፈሊኻ ትፈልጥ፡** ማርያ ጀምስ፣ ወይድማ ናይ ሱዛን ኣሞ ወይ ሓወቦ፡ ሓደ ካብ ኩላቶም ናይ ደገፍ ትምህርቲ ክህባ ፍቓደኛ እንተኾኑ ክትሓቶ ትኽእል ኢያ፡ ምኽንያቱ ናይ ባዕሎም ንግዲ ስለ ዝጀመሩ።

| ክትገብሮም ዘሎካ ነገራት | ክትገብሮም ዘይብልካ ነገራት |
|---|---|
| ካብ መሓዙትካ፣ ቤተሰብካ ከምእውን ማሕበረሰብካ ክትረኽቦም እትኽእል ደገፋት ብምልኦም ጽሓፎም። ከምእውን ናይ መጀመሪ ደገፍ ዝህባ ማሕበራት ተወከሰን፤ ናይ ግንዲ ኣማኻሪ ክህባኻ ድማ ሕተተን። | ኣብ መሓዙት፣ ቤተሰብ ከምእውን ማሕበረሰብ ጥራይ ኣይትሞርኮስ። ኩሉ ቁኑዕ ዝኾነ ሓበሬታ ከይህልዎም ስለዝኽእል፡ ነገራትካ እንተደኣ ዘይተዓወተ፡ ሓላፍነት የብሎምን። ኣብ ከቢድ ኩነታት ፕሮፈሽናል ዝኾነ ምኽርን ናይ ገለልተኛ ኣካል ደገፍን ብጣዕሚ ጠቓሚ እዩ። |

እዚ ሓበሬታ እዚ ብፕሪንስ ትራስት (The Prince’s Trust) ንቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) ተባሂሉ ዝተዳለወ ክኸውን እንከሎ፣ ናይ መጀመሪ ሓሳባት ጥራይ እዩ። ካልእ ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ሕግን ገንዘብን ምኽሪ ክውሰድ ኣለዎ። እዚ ደራሳይ/ ጸሓፊይ ድማ ሕጋዊ ዝኾነ ሓላፍነት የብሉን። ፕሪንስ ትራስት ከምእውን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ብዛዕባ ኣብዚ ዝተገልጸ ሓበሬታ ቅኑዕነት ዝተመልከተ ሕጋዊ ሓላፍነት የብሎምን።

 © The Prince’s Trust and the Refugee Council 2006

REFUGEES INTO BUSINESS

Cover design by Morse-Brown Design

© The Prince's Trust and the Refugee Council 2006